# ኣገልግሎት ህዝባዊ ክንክን ጥዕና ኣብ ዞባ ማእከል

Nova Scotia Health
Public Health
Central Zone

ህዝባዊ ክንክን ጥዕና ኣገልግሎትን መሳለጥያን ንምድንፋዕ ጥዕናን ; ሕማማት ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰና ንኸየስፋሕፍሕን ንምሃብ የገልግል።

ኣገልግሎትና ክብ ቅድሚ ምውላድ ዘሎ ግዜ ጀሚሩ ክሳብ ዝተረፈ ምሉእ ሂወትካ ዝወሃብ ኢዩ።

እዚ ኣገልግሎት ኣብ ገዛ ይኹን፣ ቤት ትምህርትን ማሕበረሰብን ኣብ ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ክንክን ጥዕና ዳርሙዝ ይወሃብ።

ኩሉ ዓይነት ኣገልግሎት ብነጻ ይወሃብ፣ ተርጎምቲ ከኣ ድልዋት ኣለዉ።

በዚ ዝስዕብ ቁጽሪ ስልኪ ወይ ከኣ መርበብ ሓበሬታ ኢንተርነት ኽትረኽቡና ትኽእሉ

902-481-5800

[www.nshealth.ca/Public-Health](www.nshealth.ca/Public-Health)




## ኣብ ቤት ትምህርትታት ዝወሃብ ኣገልግሎት

### መደብ ምጽዕዳው ስኒ ብፍሎራይድ

ፍሎራይድ ውሕነት ዘለዎ ኮይኑ ንስኒ ዘትርርን ካብ ጉርጓሕ ዝከላኸልን ባህርያዊ ማዕድን እዩ።

ማሕበራዊ ክንክን ጥዕና ኣብ ገለ መባእታ ቤት ትምህርትታት ንቖልዑ ስኖም ምእንቲ ከይበላሾ ነጻ መደብ ምጽዕዳው ስኒ ናይ ቤፍሎራይድ ይወሃብ። ኣብዚ መደብ እዚ ሓደ ናይ ስኒ ስነ ጥዕና ብቕዓት ዘለዎ ሰብ ኣብቲ ናይ ተመሃራይ ስኒ የንብረሉ።

እንተ ድኣ ውላድኩም ኣብ ከምዚ ዓይነት መደብ ተመዝጊበን ዘለዋ ቤት ትምህርትታት ዝመሃር ኮይኑ ካብ መምሃራኖም ተወሳኺ ሓበሬታ ክወሃበኩም ይኽእል እዩ።

902-481-5800 ተወሳኺ 4 | www.nshealth.ca/PHOralHealth

### ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝወሃብ ናይ ክታበት መደብ

ማሕበራዊ ክንክን ጥዕና ምስ ቤት ትምህርትታት ብምትሕብባር ኣብ ውሽጢ እታ ናይ ቲምህርቲ ዓመት ልሙድ ዝኾነ ናይ ክትባት ኣገልግሎት ንተመሃሮ ሻብዓይ ክፍሊ ብነጻ ይህብ።

ተመሃሮ እንተ ድኣ ክትባቶም ከይወሰዱ ተሪፎም ክሳብ ደቂ 19 ዓመት ዝኾኑ ንኸማልእዎ ብነጻ ክወሃቦም ይኽእል እዩ፣ ጥራሕ ንማሕበራዊ ክንክን ጥዕና ደዊሎም ቆጸራ ክሕዙ ኣለዎም።

902-481-4956 | www.nshealth.ca/school-immunization-program

### ማእከል ክንክን ጥዕና መንእሰያት

ማእከል ክንክን ጥዕና መንእሰያት ውሕስነት ዘለዎ፣ ሃንጎፋይ ኢሉ ዝቕበልን፣ ሓገዛት ዝውፈዮ ስፍራ ኮይኑ፣ ተመሃሮ ብውልቂ ምስ ኣወሃሃዲ ማእከል ክንክን ጥዕና መንእሰያት ስቱር ዝኾነ ልዝብ ከካይዱ ይኽእሉ

እዚ ማእከል ክንክን ጥዕና መንእሰያት፣ ንናይ ኣእምሮ ሕማማትን ንጭንቀትን ዝኣመሰሉ ነገራት ከመይ ጌርካ ከም እትቋጻጸሮን ትጸወሮን ኣገልግሎት ይህብ። ከምኡ እውን ኣድላዩ ምስ ዝኸውን ካልእ ሓገዛትን ኣገልግሎትን ንምርካብ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ምስ ማሕበረ ሰብን ክምኡ እውን ክንክን ጥዕናን ከም ዝራኸቡ ይገብር።

እዚ ማእከል ክንክን ጥዕና መንእሰያት ምስ መንእሰያትን ካልኦት ሓለፍቲ ቤት ትምህርትን ብምትሕብባር ጽቡቕ ሃዋህው ቤት ትምህርትን ባይታ ንጽቡቕ ህላዌ ከምኒ ናይ ቤት ትምህርቲ ክላባትን መራኸቢ ዝኸውን ፍጻሜታትን ይፈጥር።

ማእከል ክንክን ጥዕና መንእሰያት ኣብ ናይ ካልኣይ ደረጃን ማእከላይ ደረጃን ቤት ትምህርትታት ይርከቡ፣ ዝያዳ ሓበሬታ ኣብቲ ማእከል ክንክን ጥዕና መንእሰያት ናይ ቤት ትምህርትኹም ብምምጻእ ክትረኽቡ ትኽእሉ።

902-481-5800 | www.nshealth.ca/health-promoting-schools

ሓምለ 2025

# ኣገልግሎት ህዝባዊ ክንክን ጥዕና ኣብ ዞባ ማእከል

nova scotia health
Public Health
Central Zone

**ኩሉ ዓይነት ኣገልግሎታት ብነጻ ይወሃብ ክም\ኡ እውን ተርጎምቲ ኣለዉ**




## ኣገልግሎታት ኣብ ገዛውትን ማሕበረሰባትን

### ናይ ፈለማ ዓመታት

ምስ ናይ ፈለማ ዓመታት(ማሕበር) ርክብ ምስ ገበርኩም ፤ ስድራ ቤት ምስ ሓደ ሕዝባዊ ነርስ ብምርኻብ እቲ ዝሓሸ ወይ ዝበለጸ ንናይ ውላዶም ኣድላይነት ዝምልከት ኣገልግሎት ይህቡኹም። እዚ ኸኣ ጥዕና ዝመልአ ኣተዓባብያን ምዕባሌ ውላድኩምን፤ብጡብ ናይ ምምጋብን፤ ንናይ ኣእምሮ ጸገማት ዘለዎም ሰባት ምትብባዕን ዝኣመሰሉ ኣገልግሎታት ከምኡውን ምስ ካልኦት ናይ ጥዕናን ናይ ማሕበረሰባትን ኣገልግሎት ዝህቡ ንምርኻብን የጠቓልል።

📞 **902-481-4967** 🔗 **www.nshealth.ca/Pregnancy-Supports | www.nshealth.ca/Parenting-Supports**

### ክሊኒካት ንክታበት ቆልዑ

ኣብ ቤት ጽሕፈትና ኣብ ዳርሙዝ ኣብ ሰሙን ሓንሳብ ነቶም መባእታዊ ኣገልግሎት ሕክምና ኽረኽቡ ዘይክእሉ ቆልዑ ክትባት ኣብተን ኣብ ትሕቲ ማሕበራዊ ክንክን ጥዕና ዘለዋ ናይ ቆልዑ ክትባት ዝህባ ክሊኒካት ብነጻ ይወሃብ።

📞 **902-481-4956** 🔗 **www.nshealth.ca/public-health-immunization-clinics**

### ተንቀሳቓሲ ህዝባዊ ክንክን ጥዕና

እዚ ተንቀሳቓሲ ህዝባዊ ክንክን ጥዕና ንናይ ክታበታትን፤ ምርመራን ;ሓፈሻዊ ናይ ክንክን ጥዕና ኣድላይነትን ኣገልግሎት ንምሃብ ይንቀሳቐስ። መብዛሕትኡ ግዜ ምስ ማሕበራት ከምኒ ዋይ ኣም ሲኤን ኣብ ከባቢኻ ዝርከቡ ቤት ንባባትን ብምትሕብባር ንዓኻ ፍሉጥን ኣብ ጥቓኻ ዝርከብ ክሊኒካትን ኣገልግሎት ይህብ።

🔗 **www.nshealth.ca/PHMU**

### ተመሓላላፊ ሕማማት ምውጋድን ምቁጽጻርን

ሓደ ተላጋቢ ሕማም ምስ ተለለየ ሕዝባዊ ክንክን ጥዕና ምስ ውልቀሰባትን መሻርኽትን ተሓባቢርካ ነቲ ሕማም ኣብ መንጎ ሕብረተሰብን፤ መዋዕሎ ሕጻናትን፡ ቤት ትምህርትታትን፤ ናይ ስራሕ ቦታታትን ንኸየስፋሕፍሕ ይሰርሕ።

ቤት ጽሕፈት ሕዝባዊ ክንክን ጥዕና ገለ ሰባት ነቲ ሕማም ዝተቓልዑ ኣለልዩ ይጽውዖም እሞ ሓበሬታ ድሕሪ ምሃብ ንምርመራን መድሃኒት ምውሳድን መደብ የዳልወሎም

📞 **902-481-5824 (መልእኽቲ ግደፉልና)** 🔗 **www.nshealth.ca/infectious-diseases**

**በዚ ዝስዕብ ቁጽሪ ስልኪ ወይ ከኣ መርበብ ሓበሬታ ኢንተርነት ኽትረኽቡና ትኽእሉ**

📞 **902-481-5800** 🔗 **www.nshealth.ca/Public-Health**

ገጻት መርበብ ሓበሬታ ብእንግሊዝኛ ጥራይ ዝተዳለዉ እዮም

ሓምለ 2025